# እንታይ ዘይተባህለ

30.03.2018

ብበላይ መስፍን

ጌጋ ዲዩ ኔሩ ቃልስና ብመሰረቱ
ንናጽነት ኢዩ ዝተነግረና ብጊሓቱ
እንታይ ዳኣ ኮይኑ ኢዩ ጸልሚቱ
ቶም ውዲታውያን ስለ ዝተዓወቱ

ጸላኢ ጥራይ ይኺድ ኢዩ እተባህለ
ድሕሪኡ ኣይርከብን'ዩ ከማና ዝበለ
ግንካኣ ኣይኮነን ከምቲ ዝተባህለ
እቲ በታኒና ብእዋኑ ስለ ዘይተለለ

ቀዳማይ ጸላኢ ታኣልዩ ብሓቦ
ነቲ መብጽዓኽ መን ዳኣ ገደቦ
ንበሎ ንህዝብና ዝበልካዮ ሃቦ
ጥልመት ኣይግባእን ኣብ ዓደንቦ

ኣካ ታዓሸወ እዚ የዋህ ህዝቢ
ታዓጊቱ'ዩ ከይምዕብል ከይዓቢ
ካብ ኣቦታቱ ኔሩ ፍጹም ተላዛቢ
ኣብ ሕማቕ ወዲቑ ስኣን'እምቢ

እታ ካብ ኩሉ ንኣይ ትገርመኒ
ተተማቓቒልካ ዳግማይ ህረመኒ
መፍቶ ኰና ነዚ ህዝብና ዘድሚ
ገለ ንግበር ዝሓይሽ ካብ ዓሚ

ዚስሱዕ ንነብሱ ጥራይ ዝነብር
መሰል ኩልና ዓጊቱ ከይንኸብር
ንሱ ንስልጣኑ ጥራይ'ዩ ዝነብር
ንምንታይ ሎሚ ልቢ ዘይንገብር

ሽማግለ ነውጽእ ነገር ዝመምዩ
ንሓደ ንኢዶም ንሓደ ዘይሓምዩ
ኩሉ ንኽዕረ ብልቢ ዝደልዩ

መሰልና ዝሕሉ ሕጊ ዘጻርዩ

ሃገርና ትብደል ብሓደ መታለሊ
ንህዝቢ ይኹን ንሃገር ዘይሓሊ
ዝፍሕሰልና ተሓቢኡ ኣብ ከውሊ
ሃላሊ ልጓም ከምዘይብላ በቕሊ

ንድለ ንኹሉ ዝጠቅም መፍትሒ
ከይዘተኻ ኣይመጽእን ኢዩ ፍትሒ
ንዑ ይታሓንጸጽ ዝሓሸ መምርሒ
ክንበታትኖ ንዝተፋሕሰልና ሽርሒ

ናብ ስራሕ ንሳገር ካብ ኣስፈላል
ቁምነገር የብሉን በበይንኻ ምዕላል
ታኣኪብካ ይሓይሽ ሽግርካ ምቅላል
ማዓልቱ ከእክል እቲ ዘሎ ምትላል

ስምምዕ ኣይንበል ጥራይ በብኣፍና
ብዕቱብ ንልዓል ኣንጻር ዓመጽትና
ኣብ ኩሉ ዝግበር እምነት ክሓድረና
ሽዑ ኢዩ ዝሰልጥ እቲ ኩሉ ስራሕና

እወ ካብ ቃል ንስገር ናብ'ቲ ተግባር
እክብ ኢልና ውረድ ንበሎ ብሓባር
ሽዑ'ዩ ዝመጽእ ናይ ኩልና ምሕባር
ብድሕሪኡ'ዩ ዝመጽእ እቲ ምክብባር

ስርዓት ኣብ ዘለዎ የለን ምፍልላይ
ሎሚ ዘድሊ ዘሎ ዓንቀፍቲ ምልላይ
ጸላእቲ ከለው ኣይርከብን ምትሕልላይ
ዘድልየና ተኣኪብካ ወጽዒኻ ምእላይ

ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና